**ብዛዕባ ውሑስ ክታበት ተታኑስ፡ ዲፍተርያ፡ ትኽትኽታ፡ ሄሞፊልያዊ ኢንፍሊወንዛ ደረጃ ለ (Hib)፡ ፖልዮን ወይቦ ደረጃ ለን**

ኣንጻር ተታኑስ፡ ዲፍተርያ፡ ትኽትኽታን ሄሞፊልያዊ ኢንፍሊወንዛ ደረጃ ለ (Hib)፡ ፖልዮን ሄፓታይቲስ ደረጃ ለን፡ ንዕሽላትን ናእሽቱ ህጻናትን ዝወሃብ ውሑስ ክታበት፡ ብሓፈሻኡ ቅቡል`ዩ።
ኣብ ምርጫታት ዘመናዊ ሕክምና`ውን እንተኾነ፡ ንብርቱዕ ክሊኒካዊ ኣርእስታትን ጥዕናዊ ጸገማትን ናይዞም ተላባዕቲ ሕማማት፡ ኣብ ዘይተኸትቡ ውልቀ ሰባት ክትከላኸሎም ኩሉ ግዜ ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ እንኮ መከላኸሊ ኣንጻር`ዞም ሕማማት እዋናውን ውሑስን ክታበት`ዩ።
ብጥሙር ክታበት ገይርካ፡ ኣንጻር`ዞም ሽዱሽተ ሕማማት ክታበት ምክያድ ዝከኣል`ዩ። ስለዚ፡ ዝውግኡ ክታበታት ብሓደ እግሪ ይወሃቡ ኣለዉ ማለት`ዩ፣ ተቐባልነት ንመደባት ክታበት'ውን ዝቐለለን ዝነጸረን ይኸውን። ኣብ ጀርመን ዘለዉ ጥሙር ክታበታት፡ ልክዕ ከም ናይ ውልቂ ክታበታት፡ ውሑሳትን ውጽኢታዊያንን እዮም።

**ተታኑስ** ንህይወት ዝፈታተን ተማሓላላፊ ሕማም'ዩ። ኣብ ሓመድን ደሮና ናይ መንገዲን ብብዝሒ ብዝርከቡ ባክተርያ ኣቢሉ ከኣ፡ በታ ዝነኣሰት ህራም፡ ንብዓት፡ ኣፍ ቁስሊ ወይ ፍሕጣር፡ ናብ ቆርበት ክኣቱ ዕድል ይረክብ። ኣብ ውሽጢ ኣካላት ኣትዩ ድማ ይባዛሕን መርዚ ተታኑስ ዘለዓዕል ረኽሲ ይፈጥርን። ምኹምታር/ስትራፓ ጭዋዳታት፡ ብሓፈሻኡ ምልክት ናይ'ዚ ሓደገኛ ሕማም ኮይኑ፣ ጭዋዳታት ምስትንፋስ እንተደኣ ተወሲኾሞ ናይ ማዕበስቲ ጸገም ከስዕብ እውን ይኽእል'ዩ። ሽሕ'ኳ ዘመናዊ ሕክምና እንተሃለወ፡ ካብ 10-20% ናይ ዘይተኸትቡ ሕሙማት፡ ጌና ብተታኑስ ኪሞቱ ይረኣዩ።

**ዲፍተርያ** ንህይወት ዝፈታተን ተላባዒ ሕማም ኮይኑ፡ ብመርዚ ባክተርያ ናይ ዲፍተርያ ዝለዓል'ዩ። ብብዝሒ ድማ በቶም ብምስትንፋስ ኣየር ወጺኦም ዝንዝሑ ነጠብባብ ናይ ምራቕ'ዮም ዝመሓላለፉ። ውሑስ ክታበት ቅድሚ ምትእትታዉ፡ ብዙሓት ህጻናት በቲ ከም ሕማም ነድሪ ላንቃ፡ ነድሪ ሳጹን ድምጺ፡ ረኽሲ ሻምብቆታት ኣፍንጫ (nasal diphtheria) ወይ ቁስሊ-ኣካላት-ዝጠንቁ መልከዕ ናይ'ዚ ሕማም (wound diphtheria)፡ ወይ'ውን ብመልከዕ መጉዳእቲ ጭዋዳ ልቢ ዝግለጽ ዝነበረ ተላባዒ ሕማም ሞይቶም'ዮም። ኣብ ጀርመን፡ ኣብ ውሑዳት ዝተገለሉ ጉዳያት ገዲፍካ፡ ልዑል መጠን ክታበት ንሕማም ዲፍተርያ ኣጕዲሉዎ'ዩ። እንተኾነ፡ ንገለ ሃገራት ምብራቕ ኤውሮጳ ሓዊስካ፡ ኣብ መላእ ዓለም ጌና ይኸሰት ስለዘሎ፡ ምስ ምንቅስቓሳት/መገሻታት ዳግማይ ከይክሰትን ከይላባዕን ስግኣት ኣይተረፈን።

**ትኽትኽታ** ብዙሕ ግዜ ከም ጉንፋዕ ኮይኑ'ዩ ዝጅምር። ኣብ ናይ መባእታዊ መልከፍቲ ድማ፡ ድሕሪ ካብ 1-2 ሳምንታት፡ ብርቱዕ መጥቃዕቲ ምስዓል ይምዕብል፣ ንሓያለ ሳምንታትን ወይ ኣዋርሕ እውን ይቕጽል። ነድሪታት ምስዓል፡ ብዙሕ ግዜ ጭንቀት ምስትንፋስን ተምላስን'ዮም ዘስዕቡ። ኣብተን ቀዳሞት ሽዱሽተ ኣዋርሕ ናይ ዕድመ ከኣ፡ እቲ ልሙድ ሰዓል ክጠፍእ ይኽእል'ዩ። ይኹን እምበር ኢሉ-ኢሉ ንስርዓተ ምስትንፋስ'ዩ ግዳይ ዝገብር። ስለዚ፡ እቲ መልከፍቲ ብፍላይ ኣብ ቀዳሞት ዓመታት ናይ ዕድመ ሓደገኛ'ዩ። ኣብ ግዜ ህጻንነት፡ ምስ'ዚ ተኣሳሲሩ ዝመጽእ መጠን ከቢድ ጥዕናዊ ጸገማት፡ ብፍሉይ ኣብ ነድሪ ሳንቡእ፡ ነድሪ ማእከላይ ክፋል እዝኒን እተናውሐ መጉዳእቲ ሓንጎልን - ዝለዓለ'ዩ ዝኸውን።

ብባክተርያ ሄሞፊልያዊ ኢንፍሊወንዛ ዓይነት ለ (Hib) ዝመጽእ ሕማም፡ ምስ'ቶም ኣብ ፈለማ ዕድመ ህጻንነት ዘጋጥሙ ኣዝዮም ሓደገኛታት ተማሓላለፍቲ ሕማማት`ዩ ዝስራዕ። እቶም ቀንዲ ዝፍርሑ ድማ፡ ኣንቅጺን ኲነታት ነድሪ ከባቢታት ልፋጭ ደባኢቶ ከምኡ'ውን ፐሪግሎቲክን`ዮም፣ ምኽንያቱ፡ ምስ ናይ ማዕበስቲ መጥቃዕቲ እዮም ዝተሓሓዙ። እዞም ሕማማት እዚኣቶም፡ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ መንጎ 5ይ ወርሒን 2ይ ዓመትን ናይ ዕድመ ህጻናት`ዮም ዘጋጥሙ። ድሕሪ 5ይ ዓመት ናይ ዕድመ ግን፡ እዞም ሕማማት ሳሕቲ`ዮም ዝረኣዩ።

**ፖልዮ** ብሰንኪ ቫይረስ ዝመጽእ ሕማም ኮይኑ፡ መልመስቲ ኢድ/ምናትን እግሪን ዘስዕብ`ዩ። ከምኡ`ውን ንምስትንፋስ ጸልዩ፡ ማዕበስቲ/ሕጽረት-ኦክስጅን ዘኸትል`ዩ። መልመስቲ ዘለዎም ዝበዝሑ ሕሙማት፡ ብዘየቋርጽ ሕጽረት ምስትንፋስ`ዮም ዝሳቐዩ። ብኣፍ ዝውሰድ ክታበት ፖልዮ፡ ካብ 1998 ኣትሒዙ ተቛሪጹ'ዩ።

ዛጊት ካብ ዝሞተ ቫይረስ ፖልዮ ዝተሰርሐ ክታበት (killed vaccine) ኣብ ጠቕሚ ዝውዕል ዘሎ። ካብ ሕጂ ንንየው፡ ኣብ ኤውሮጳ ፖልዮ ኣይከጋጥምን'ዩ። እንተኾነ፡ ብሰንኪ ምስ ምንቅስቓስ ሰባት ዝኣቱ መልከፍቲን ኣብ እዋን ዑደት ናብ'ቲ ፖልዮ ዝረኣየሉ ዞባን - ብፍላይ ኤስያን ኣፍሪቃን - ዳግማይ ናይ ምኽሳት ሓደጋ የንጸላሉ'ዩ። ስለዚ፡ ውሑስ ክታበት ፖልዮ፡ ሎሚ'ውን እንተኾነ ብግቡእ ክካየድ ኣለዎ።

**ወይቦ ደረጃ ለ** ቫይረስ ዝጠንቁ ነድሪ ጸላም ከብዲ'ዩ። ከም ናይ ኢንፍሊወንዛ/ጉንፋዕ ዝመሰል ምልክታት፡ ዕግርግር ወይ ቃንዛ መላጉቦ ኰይኑ ክጅምር ይኽእል፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ወይቦ የስዕበልካ። እንተኾነ፡ እቲ መልከፍቲ ከይተፈልጠ ክሓልፍ ይኽእል'ዩ። ስለዚ ኣስታት 1% ካብ ሕሙማት ግዳይ ሞት ይኾኑ። ኣብ 10% ናይ'ቶም ኣብ ዓቕሚ ሰብ ዝበጽሑ ሕሙማት፡ እቲ መልከፍቲ ናብ ነባሪ ሕማም'ዩ ዝቕየር። እቲ ቫይረስ ኣብ ውሽጢ ኣካላት ይነብር፡ ብርቱዕ መጉዳእቲ ጸላም ከብዲ (ሲሮሲስን መንሽሮን) ከኣ የስዕብ። ብኣደታቶም ወይ መቕርቦም ኣብ ዝተለኽፉ ነኣሽቱ ህጻናት ወይ ዕሸላት፡ ኲነታት ናይቲ ነባሪ ሕማም፡ ኣዝዩ ግሉጽ (ብገምጋም ካብ 30 - 90% ዝበጽሕ) እዩ። ኣብ ጀርመን፡ ኣስታት 0.5% ካብ ብዝሒ ህዝቢ፡ ብቫይረስ ወይቦ ደረጃ ለ ብኸቢድ ዝተለኽፈ'ዩ። ብደም ወይ ብረሃጽ/ፈሳሲ ናይ ኣካላት - ናይ ዝተለኽፈ ሰብ ዝመሓላለፍ'ዩ፣ እዚ ማለት እንተላይ ብጾታዊ ርክብ።

## ክታበት

እቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ናይ'ዚ ኣብ ሽዱሽተ ሕማማት ዘተኰረ ክታበት እዚ ዝስዕብ እዩ፡- ዘይተጓዳኢ (መርዙ ዝለዘበ) መርዚ ዲፍተርያን ወከልቲ ባእታታት ተታኑስን፡ ከፊላዊ ትሕዝቶ ባክተርያ ትኽትኽታ (acellular pertussis vaccine)ን ክፋላት መናድቕ ናይ ደረጃ ለ ባክተርያ ሄሞፊለስ ኢንፍሊወንዛ (ኤች.ኣይ.ቢ ረባሒ ክታበት conjugate vaccine)ን፡ ዝሞቱ ቫይረሳት ፖልዮ፡ ከምኡ'ውን ክፋላት መናድቕ ናይ ቫይረስ ደረጃ ለ ወይቦ ማለት ብሓገዝ ቴክኒክ ጀነቲክ ኢንጂነሪንግ ካብ ዋህዮታት መባኹዕቲ ዝተረኽበ እዮም። እቲ ክታበት ኣብ ጭዋዳ (intramuscular injection)'ዩ ዝውጋእ። እዚ ክታበት መዓስ ክጅምር ከምዝግባእን ብዛዕባ ዝከላኸሎ ገደብ ግዜን ዶክተርካ ክሕብረካ ይኽእል'ዩ።

## ክኽተብ ዘድልዮ ሰብ ከመይ ዝኣመስለ'ዩ፣ መዓስ ከ?

ኣብ ዓውደ ኣዋርሕ ክታበት፡ ጥሙር ክታበት ተታኑስ፡ ዲፍተርያ፡ ትኽትኽታ፡ ሄሞፊልያዊ ኢንፍልዌንዛ ደረጃ ለ (Hib)፡ ፖልዮን ወይቦ ደረጃ ለን፡ ንኹሎም ልዕሊ ሸሞንተ ሳምንታት ዝዕድሜኦም ህጻናት ይእዘዝ'ዩ። ክታበት ኣብ ፈለማ ደረጃ ዕሸልነት'ዩ ክወሃብ ዘለዎ። እዚ ማለት ኣብ ዕድመ ክልተ፡ ሰለስተን ኣርባዕተን ኣዋርሕ ኰይኑ፡ ኣብ ዕድመ ካብ 11 ክሳብ 14 ኣዋርሕ እውን ተወሳኺ መሐየሊ ክታበት ክስዕብ ኣለዎ። ኩሎም ዝእዘዙ ዓቕናት ናይ'ዚ ክታበት፡ ኣብ ዝቕልጠፈ እዋን ክወሃቡ ይግባእ።
**ሓበሬታ፡** ብመሰረት ለበዋታት ስቲኮ (STIKO) [*ብተርጓሚ ዝተወሰኸ ሓበሬታ: ቀዋሚት ኮሚቴ ክታበት ናይ ሃገረ-ጀርመን*]፡ ኣብ ዕድመ ትምህርቲን ዕድመ ብጽሕናን መከላኸሊ ክታበት ተታኑስ፡ ዲፍተርያን ፖልዮን ከም ተወሳኺ ክወሃብ ኣለዎ።

## ክኽተብ ዘይግብኦ ሰብ ከመይ ዝኣመስለ'ዩ?

ልዕሊ 38.5°C ዝበጽሐ ኣካላዊ ረስኒ ብዘስዕብ ከቢድ ሕማም ዝተጠቕዐ'ሞ ገና ሕክምና ዘድልዮ ውልቀ-ሰብ ነዚ ክታበት እዚ ኪወስዶ ኣይግባእን። ኣብ ዝኾነ ትሕዝቶ ናይቲ ክታበት፡ ተኣፋፍነት ምስ ዝህሉ፡ ወይ'ውን ደድሕሪ'ቲ ትሕዝቶታት ጥሙር ክታበት ተጠቂምካ ኣቐዲሙ ዝተኻየደ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ክታበት፡ ምልክታት ምስ ዝምዕብሉ፡ እቲ ክታበት ዝሃበ ዶክተር ንዓኻ ብዛዕባ ተኽእሎ ተወሳኺ ክታበት ምኽሪ ክህበካ ይኽእል'ዩ። ኣብቶም ነባሪ ሕማም ዘለዎም ህጻናት ወይ ኣብቶም ነባሪ ሕማም ክህልዎም ዝጥርጠሩ'ውን ብተመሳሳሊ ከምኡ'ዩ።

**ድሕሪ ክታበት ክግበር ዘለዎ**

ዝተኸትበ ሰብ ፍሉይ ክንክን ክግበረሉ ኣየድልዮን'ዩ። ይኹን'ምበር ካብ ዝተኸትበሉ መዓልቲ ክሳብ ሰለስተ መዓልቲ ካብ ዘይንቡር ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክዕቀብ የድልዮ። ዝኽተብ ሰብ ምስ ዑደት ደም ዝተሓሓዝ ወይ ናይ ቊጥዐ ኣካላት ጸገም ምስዝህልዎ፡ ቅድሚ ዝኣገረ ክታበት ንዝህብ ሓኪም ክሕብር ይግባእ።

**ኣብ ክፍለ-ኣካላት ዝኸሰቱ ሓፈሻውያንን ምልክታት ናይ'ዚ ክታበት**

ደድሕሪ'ቲ ኣካላትና ኣብ ልዕሊ እዚ ሕማም'ዚ ኣድላዪ ዝበሃል ተጻዋርነትን ምክልኻልን ምእንቲ ከጥሪ ተባሂሉ ዝወሃብ ክታበት፡ መርፍእ ዝተወግኣሉ ከባቢ ኣካላት ምስዝትንከፍ፡ ቀጻሊ ዕንፍሩር ወይ ኣቓንዛዊ ሕበጥ ይህልዎ። እዚ፡ ኣካላትና ምስ ክታበት ንኽወሃሃድ ኪሓልፎ ዘርእዮ ንቡር መልሰ-ግብሪ ኰይኑ፡ ድሕሪ ክታበት ካብ 1 ክሳብ 3 መዓልታት ጥራይ ዝጸንሕ ተርእዮ እዩ። ኣብ ገለ-ገለ እዋን መርፍእ ካብ ዝተወግኣሉ ክፍሊ ኣካላት ኣብ ዝቐረበ ጽኪ መላግቦ ሕበጥ ይረአ እዩ። ኣብ ገለ እዋን ድማ፡ እግሪ ወይ ኢድ ብዝለዓለ ደረጃ ክሓብጥ ይኽእል። ከምኡ'ውን ልዑል ረስኒ ዝተሓወሶ ሓፈሻዊ ናይ ቀጨውጨው ስምዒት፡ ናይ ኢንፍሊወንዛ ዝመስሉ ምልክታት (ከም ቃንዛ ርእሲ፡ ቃንዛታት መሓዉርን ድኻምን) ከምኡ'ውን ሰዓል፡ ዕረፍቲ ምስኣን፡ ምንጽርጻርን ዘይንቡር ብኽያትን [ኣብ ህጻናት ማለት'ዩ] ክርኣዩ ይኽእሉ። ጽልኣት መግቢ (ኣኖረሽያ)፡ ዕግርግር፡ ተምላስ ወይ ተቕማጥ እውን ከጋጥም ይኽእል። ብዘይካ'ዚ፡ 39°C ወይ ልዕሊኡ ዝበጽሕ ኣካላዊ ረስኒ ንቡር'ዩ። ከም መምርሒ፡ ኩሎም እዞም ተርእዮታት ግዝያውያን፡ ቀልጢፎም ዝጠፍኡን ነባሪ ሳዕቤን ዘይብሎምን እዮም።

**ብሰንኪ ክታበት ጥዕናዊ ጸገማት ክስዕብ ዝኽኣል ድዩ?**

እቶም ከም ጥዕናዊ ጸገማት ክጥቀሱ ዝኽእሉ ተርእዮታት፡ ካብ ትጽቢት ወጻኢን ኪንዮ እቶም ኣካላት ወዲ-ሰብ ኣብ ልዕሊ ክታበት ዘርእዮም ንቡራት ግብረ-መልስታት ዝኸደ ሳዕቤን ዘለዎምን ኰይኖም፡ ኣብ ጥዕና ናይ'ቲ ዝኽተብ ሰብ ብቐሊል ዘይግመት ኣሉታዊ ጽልዋ ዝፈጥሩ እዮም። ኣብቲ ሳሕቲ ዘጋጥም ተርእዮ፡ ሽዱሽተ ትሕዝቶ ዘለዎ ክታበት ምኽታብ፡ ኣብቲ ዝተኸትበ ህጻን፡ ረስኒ ዝተሓወሶ ምንቅጥቃጥ ኣካላት (convulsion) ክስዕብ ይኽእል'ዩ። ብሓፈሻኡ እዚ ኲነት'ዚ ብዘይዝኾነ ሳዕቤን ዝጠፍእ'ዩ። ነቲ ክታበት ነድሪ ቊጥዐ ኣካላት ክለዓዕል'ውን ዝኽኣል'ዩ። ኣብ ሳሕቲ ዘጋጥሙ ተርእዮታት፡ ንተታኑስን ዲፍተርያን ዝሓዙ ክታበታት ብግቡእ ምስ ተማሓደሩ፡ ምስ ክታበት "Td-ap-IPV"፡ ግዝያዊ ሕማም ስርዓት መትኒ (ዝያዳ ደጋዊ ስርዓት መትኒ፡ ንኣብነት ከም ሞኖን ፖሊኒውሪታይድስን፡ ኒውሮፓቲ) ከምዘሎ ጸብጻባት ይቐርቡ'ዮም።

**ብዛዕባ ተኽእሎ ጐድናዊ ሳዕቤናት ዝምልከት ምኽሪ - ካብ ሓኪም ክታበት**

ኣብ ርእሲ'ዚ ብመገዲ እዚ ወረቐት ቀሪቡ ዘሎ ሓበሬታ፡ ሓኪምካ ብዛዕባ ቅድመ-ሕክምና/ክንክን ዝምልከት ዘተ ክካይደልካ'ዩ። ድሕሪ ክታበት፡ ኣካላትካ ኪንዮ እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ሓፈሻውያን ምልክታት ዝኸደ መልሰ-ግብሪ ምስዝህብ፡ ናይ ክታበት ክኢላ ዶክተር ምኽሪ ክህበካ እዩ።

ንናይ ክታበት ክኢላ ዶክተር በዚ መገዲ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ:-

**መረጋገጺ ቃል**

እቲ መበቆላዊ ሓበሬታ ዝሓዘ ወረቐት (ናይ 11/2014)፡ ብፍቓድ ትካል ጀርማን ግሪን ክሮስ - ብትእዛዝ ንኢንስቲትዩት ሮበርት ኮች እተተርጐመ እዩ። እቲ ቀያዲ ክኸውን ዝኽእል ቅዳሑ፡ እቲ ብቛንቋ ጀርመን ዝተዳለወ ኰይኑ፡ ምስ'ቲ እተተርጐመ ክፋሉ ተኣሳሲሩ ዝመጽእ ዝኾነ ይኹን ናይ ጌጋታትን ተቐባልነትን ጉዳይ ተሓታትነት ክስዕብ ኣይክእልን እዩ።

**ስም**____________________________________________________________
*Name*

**ውሑስ ክታበት ኣንጻር ተታኑስ፡ ዲፍተርያ፡ ትኽትኽታ፡ ሄሞፊልያዊ ኢንፍሊወንዛ ደረጃ ለ (Hib)፡ ፖልዮን ወይቦ ደረጃ ለን**

*Schutzimpfung gegen Wundstarrkrampf, Diphtherie, Keuchhusten, Haemophilus-infl.-Typ-b-Erkrankungen (Hib), Kinderlähmung und Hepatitis B*

ብዛዕባ ኣተገባብራ ውሑስ ክታበት ተታኑስ፡ ዲፍተርያ፡ ትኽትኽታ፡ ሄሞፊልያዊ ኢንፍሊወንዛ ደረጃ ለ (Hib)፡ ፖልዮን ወይቦ ደረጃ ለን ሓበሬታ ዝሓዘት ስትርቲ ወረቐት ተተሓሒዛ ኣብ ኢድካ ክትበጽሕ እያ። እዛ ወረቐት እዚኣ ሒዛቶ እትርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ክታበት ክከላኸሎም ዝኽእል ዓይነታት ሕማም፡ ብዛዕባ እቲ ክታበት ባዕሉ፡ ብዛዕባ መስርሕ ክታበትን ድሕረ-ክታበትን፡ ከምኡ'ውን ምስ'ቲ ክታበት ተኣሳሲሮም ኣብ ኣካላት ብዛዕባ ዝረኣዩ ሓፈሻውያን ምልክታትን ኪጋጥሙ ብዛዕባ ዝኽእሉ ጸገማትን መብርሂ ዝህብ እዩ።
*Anliegend erhalten Sie ein Merkblatt über die Durchführung der Schutzimpfung gegen Wundstarrkrampf, Diphtherie, Keuchhusten, Hib-Erkrankungen, Kinderlähmung und Hepatitis B. Darin sind die wesentlichen Angaben über die durch die Impfung vermeidbaren Krankheiten, den Impfstoff, die Impfung sowie über Impfreaktionen und mögliche Impfkomplikationen enthalten.*

ክታበት ቅድሚ ምውሃቡ፡ እዚ ዝስዕብ ተወሳኺ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኪወሃበና ንሓትት፦
*Vor Durchführung der Impfung wird zusätzlich um folgende Angaben gebeten:*

1. ዝኽተብ ዘሎ ሰብ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ዝተማልአ ጥዕና ዘለዎ ድዩ?
   *Ist der Impfling gegenwärtig gesund?*

   ☐ እወ *(Ja)* ☐ ኣይፋል *(Nein)*

2. ዝኽተብ ዘሎ ሰብ ብሕማም ስርዓተ-መትኒ ወይ ሕማም ምንፍርፋር/ባርያ ይሳቐ ነይሩ ድዩ?
   *Hat der Impfling eine Erkrankung des Nervensystems durchgemacht oder besteht ein Krampfleiden?*

   ☐ እወ *(Ja)* ☐ ኣይፋል *(Nein)*

3. ዝኽተብ ዘሎ ሰብ ቅድሚ ሕጂ ዝፈልጦ ጸገም ቍጥዐ ኣካላት ኣለዎ ድዩ?
   *Ist bei dem Impfling eine Allergie bekannt?*

   ☐ እወ *(Ja)* ☐ ኣይፋል *(Nein)*

   መልሲ 'እወ' እንተኾይኑ፡ ከመይ ዝኣመሰለ?፦________________________________
   *wenn ja, welche?*

4. ዝኽተብ ዘሎ ሰብ፡ ደድሕሪ'ቲ ኣቐዲሙ ዝተኸትቦ፡ ብጸገም ቁጥዐ ኣካላት፡ ልዑል ረስኒ ኣካላትን ካልኦት ዘይንቡራት መልሰ-ግብሪ ኣካላትን ተጠቒዑ ነይሩ ድዩ?
   *Traten bei dem Impfling nach einer früheren Impfung allergische Erscheinungen, hohes Fieber oder andere ungewöhnliche Reaktionen auf?*

   ☐ እወ *(Ja)* ☐ ኣይፋል *(Nein)*

ብዛዕባ ውሑስ ክታበት ተታኑስ፡ ዲፍተርያ፡ ትኽትኽታ፡ ሄሞፊልያዊ ኢንፍሊወንዛ ደረጃ ለ (Hib)፡ ፖልዮን ወይቦ ደረጃ ለን ዝያዳ ሓበሬታ ክህልወካ ምስእትደሊ፡ ክኢላ ክታበት ንዝኾነ ሓኪም ተወከስ!
*Falls Sie noch mehr über die Schutzimpfung gegen Wundstarrkrampf, Diphtherie, Keuchhusten, Hib-Erkrankungen, Kinderlähmung und Hepatitis B wissen wollen, fragen Sie den Impfarzt!*

ብኽብረትካ፡ ኣብ ናይ ክታበት ዕለት ቈጸራኻ ብኣካል ኣብ እትቐርበሉ፡ ሰነድ ክታበትካ ምምላእ ኣይትረስዕ።
*Zum Impftermin bringen Sie bitte das Impfbuch mit!*

## ወግዓዊ ናይ ጽሑፍ ፍቓድ

*Einverständniserklärung*

## ናብ ውሑስ ክታበት ተታኑስ፡ ዲፍተርያ፡ ትኽትኽታ፡ ሄሞፊልያዊ ኢንፍሊወንዛ ደረጃ ለ (Hib)፡ ፖልዮን ወይቦ ደረጃ ለን ዝወሃብ ሰብ

*zur Durchführung der Schutzimpfung gegen Wundstarrkrampf, Diphtherie, Keuchhusten, Hib-Erkrankungen, Kinderlähmung und Hepatitis B*

ስም ናይ ዝኸተብ ሰብ፡-________________________________________

*Name des Impflings*

ዕለት ልደት፡-________________________________________

*geb. am*

ነዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ብግቡእ ኣንቢበዮ እየ፣ ነዚ ክታበት ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ`ውን ብሓኪመይ ተዋሂቡኒ ኣሎ።

*Ich habe den Inhalt des Merkblatts zur Kenntnis genommen und bin von meinem Arzt/meiner Ärztin im Gespräch ausführlich über die Impfung aufgeklärt worden.*

☐ ተወሳኺ ሕቶ የብለይን።

*Ich habe keine weiteren Fragen.*

☐ ክታበት ናይ ተታኑስ፡ ዲፍተርያ፡ ትኽትኽታ፡ ሄሞፊልያዊ ኢንፍሊወንዛ ደረጃ ለ (Hib)፡ ፖልዮን ወይቦ ደረጃ ለን ንኽወሃበኒ ፍቓደኛ ምዃነይ ኣረጋግጽ ኣለኹ።

*Ich willige in die vorgeschlagene Impfung gegen Wundstarrkrampf, Diphtherie, Keuchhusten, Haemophilus-influenzae-Typ-b-Erkrankungen, Kinderlähmung und Hepatitis B ein.*

☐ ክታበት ናይ ምውሳድ መደበይ ሰሪዘዮ ኣለኹ። እዚ ብምግባረይ ክጋጥመኒ ብዛዕባ ዝኽእል ወጽዓ ድማ ተሓቢረ እየ።

*Ich lehne die Impfung ab. Über mögliche Nachteile der Ablehnung dieser Impfung wurde ich informiert.*

ርእይቶ፡- *Vermerke* ________________________________________

ቦታን ዕለትን፡- *Ort, Datum* ________________________________________

______________________________

ናይ ዝኸተብ ሰብ ወይ
ናይ ሕጋዊ ኣላዪ ክታም

*Unterschrift des Impflings bzw.*
*des Sorgeberechtigten*

______________________________

ናይ ዶክተር ክታም

*Unterschrift des Arztes/der Ärztin*